# Successful Meeting of PFDJ Bay Area - California Chapters

(Oakland, 15 September 2012) -- Over 50 delegate representatives of PFDJ chapters in the Bay Area of California (Oakland, San Jose, Santa Rosa) conducted a successful meeting on Saturday, September 15, 2012 in Oakland. The meeting held lengthy discussions on the current situation in Eritrea, local community activities, and assessment of PFDJ activities in the Bay Area. A summary report of the nation-wide successful conference of PFDJ-North America held in Washington DC on September 1 was presented by comrade Alazar Abraham. A presentation on psychological warfare and media/PR counter-propaganda efforts titled "Writing is Fighting" was also presented by comrade Elias Amare, followed by lively debate and discussion on strengthening our efforts on the PR/propaganda front. The day-long meeting concluded by passing important resolutions and recommendations. Please read the details of the report and the resolutions in Tigrinya below:




## <u>ዕዉት ኣኼባ ን/ጨንፈር ህ.ግ.ደ.ፍ. በይ ኤርያ ካሊፎርንያ - ውሳኔታትን ለበዋታትን</u>

**ልዕሊ 50 ዝኾኑ ወከልቲ ጉጅለታት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ በይ ኤርያ ካሊፎርንያ -- ኦክላንድ፣ ሳን ሆዘ፣ ሳንታሮዛ -- ንኡስ ጨንፈር ካሊፎርንያ፣ ቀዳም ዕለት 15 መስከረም ኣብ ኦክላንድ ዕዉት ኣኼባ ኣካይዶም። ብብጻይ ኤልያስ ኣማረ፣ *“ሎሚ’ውን ብርዕና መቃለሲና’ዩ!”* ብዝብል ቴማ ዝቐረበ ኣስተምህሮ፣ ንሽርሒታት መራኸቢ ብዙሓን ምዕራብን ኮራኹሮምን ብዝርዝር ዘቃሊዕ ኣብ ልዕሊ ምኹኑ፣ ንዕቱብ ስነ-ኣእምሮኣዊ መኸተ ዘተባብዕ ብምንባሩ፣ ተጋባእቲ ብኣንክሮትን ተምሳጥን ተኸታቲሎሞ።**

**ኣብ ዋሽንግቶን ዲ.ሲ. ብ1 መስከረም 2012 ኣብ ዝተቓንዐ ኮንፈረንስ ህ.ግ.ደ.ፍ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ኣብ ዝምልከት ዘተ፣ ኑቲ ዝቐረበ ሓባሪ ጸብጻብ ብምንኣድ፣ ኣብ ጉዳይ መኸተን ውድባዊ ስርርዕን፣ ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ልምዓትን ወፍርን፣ ብፍላይ ከኣ ኣንጻር ሃገረ ኤርትራን መንግስታን ዝካየድ ዘሎ ስነ-ኣእምሮኣዊ ናይ ጸለመን ምስይጣንን ዘመተ ብትብዓት ክቃለሱን ክምክትዎን**

ምኳኖም ኣኼበኛታት ብምሉእ ድምጺ ወሲኖም። እዚ ዝስዕብ ውሳኔታትን ለበዋታትን ብምሕላፍ ድማ ናይ ምሉእ መዓልቲ ኣኼባኦም ብዓወት ዛዚሞም።





<u>ውሳኔታት</u>፡-

1. ሃገራዊ መኸተ ንልዑላውነትን ናጻ መስመርን ብመሪሕነት መንግስትን ግንባርን (ህ.ግ.ደ.ፍ.) ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን ኣብ ዝለዓለ መድርኽ በጺሑሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ሎሚ'ውን ከም ወትሩ ኣብ ጎድኒ መንግስትናን ህዝብናን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ደው ኢልና፡ ካባና ዝሕተት ዘበለ ኩሉ ከነማልእ ድሉውነትና ነረጋግጽ።
2. ነቲ ብይን ኮሚሽን ዶብ ጥሒሱ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ግዚሱ ተጻብኦታት ዝቕጽል ዘሎ ስርዓት ወያነን ዓንገልቱን ኣጥቢቕና ንኹንን።
3. ነቲ ብኣላይነት ምምሕዳር ባራክ ኦባማ (ሕ.መ.ኣ.) ኣብ ልዕሊ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ብጉልባብ ሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ (UNSC) ዝሓለፈ ብይናት እገዳ - 1997 (2009) ከምኡ'ውን 2023 (2011) - ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ብምዃኑ ኣጥቢቕና እናኹነንና፡ ነዚ ብይናት እገዳ ንምብርዓንን ካብ'ቲ እዚ እገዳ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ከምጽኦ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ኣሉታዊ ሳዕቤናት ንምክልኻልን ናይ መኸተ መብጽዓና ነሐድስ።
4. ከም ወትሩ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምድልዳልን፡ ንኹሉ ንሓድነት ህዝብና ዝፈታተን ሽርሕታት ንምብርዓንን፡ ቃልስና ብዝተዓጻጸፈ ክነሕይል ቃል ንኣቱ።
5. ኣብ'ዚ መድርኽ'ዚ መንግስቲ ኤርትራ ተተሓሒዙዎ ዘሎ ዕዉት ናይ ልምዓትን ህንጻ-ሃገርን መደባት እናሞጎስና፡ እቲ መንግስቲ ኤርትራ ዘተባብዖ ዘሎ ትስፉው ሃዋህው ቁጠባዊ ወፍሪ ንምዕዋት፡ ብእኩብ ኮነ ብውልቂ ዝከኣለና እጃም ከነበርክት ንውስን።

ለበዋታት፡-

1. ኣብ ከባቢና ዝካየድ ዘሎ ጸረ-ኤርትራ ሰፊሕ ፕሮፓጋንዳዊ ናይ ጸለመ ዘመተ ብኣድማዕነት ንምምካት ዝተዘተየሉ ለበዋታት ኣብ ዝሓጸረ ኣብ ግብሪ ከነውዕል፣
2. ውሳኔታትን ለበዋታትን ዋዕላ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ (1 መስከረም) ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኣበርቲዕና ክንሰርሕ፣
3. ብዛዕባ ህዝቢ ማሕበራዊ ውራያቱ ዘካይደሉን፡ በዓላትና እንካይደሉን መኣከቢ ኣደራሽ ንምውናን ዝገበርናዮ ሓባራዊ ምርድዳእ፡ ነፍስ-ወከፍ ከተማ/ጉጅለ ኣብ ከባቢኣ ዕቱብ ጎስጓስ ክትጅምር።

**ዓወት ንሓፋሽ!**